# ምዝዋር ብሽክለታ

ትሕቲ ዓሰርተ ኪሎሜተር ንዝኾኑ ጉዕዞታት፣ ምዝዋር ብሽክለታ ዝበዝሐ ግዜ እቲ ዝቐልጠፈ ኣገባብ ጉዕዞ እዩ። እቲ ምዝዋር ብሽክለታ ኣብ ኩሉ ዕድመ ንዘለዉ ሰባት ዝህቦ ሓርነትን ናጽነትን ዳህስስ!

ሎሚ ናብ ስራሕ ወይ መልእኽቲ ንምብጻሕ ብሽክለታ ብምዝዋር ንጡፍ ክትከውን ፈትን። መዓልታዊ ኣካላዊ ንጥፈት ደረጃ ኣካላዊ ብቕዓትካ ንምዕቃብ ይሕግዝ ከምኡ ድማ ሕማም ልብን ሸኮርያን ንምግታእ ክሕግዝ ይኽእል።

**ብሽክለታ ናይ ምዝዋር ሓበሬታታት ኣብ Google Maps ርኸብ።** ንመንገድኻ ኣብቲ "get directions" ("ኣንፈታት ርኸብ") ዝብል ብድሕሪኡ ከኣ ኣብቲ ናይ ብሽክለታ ምልክት ብምጥዋቕ ወጥን። ነቶም ኣብ ከባቢኻ ንዘለዉ መተሓላለፎታት፣ መገድታትን ናይ ብሽክለታ ጽርግያታትን ክትረኽቦም ትኽእል።



**ናይ ብሽክለታ ሓጺር ክዳን ኣየድልን'ዩ።** ምዝዋር ብሽክለታ ንኹሉ ሰብ እዩ! ኣብ ምቹእ ፍጥነትን ብመዓልታዊ ክዳውንትኻን ክትዝውር ትኽእል።

**ነፍስ ወከፍ ኣውቶቡስ GRT ናይ ብሽክለታ መደርደሪ ኣለዋ።** እቶም መደርደሪታት እንተመሊኦም፣ ቦታ ዘፍቅድ እንተኾይኑ ክልተ ብሽክለታታት ናብ ውሽጢ እታ ኣውቶቡስ'ውን ክኣትዋ ይኽእላ። ነቲ መደርደሪ ብሽክለታ ከመይ ገይርካ ከምትጥቀመሉ ንምፍላጥ ናብ [www.grt.ca](http://www.grt.ca) ብጻሕ።

**ንብሽክለታኻ ናብ ION ኣምጽኣያ።** ቦታ ዘፍቅድ እንተኾይኑ ብሽክለታታት ናብ ባቡራት ION ክሰቀላ ፍቑድ እዩ። ኣብ ኩሉ እዋን ብኽብረትካ ንብሽክለታኻ ሓዛ።

## ሕግታት ናይቲ ጽርግያ

ኣብ ኦንታርዮ፣ ብሽክለታታት ተሽከርከርቲ እየን ዘወርቲ ብሽክለታ ከኣ ልክዕ ከም መራሕቲ መኻይን ሓደ ዓይነት መሰላትን ግዴታታትን ኣለዎም። ንተወሳኺ ሓበሬታ ንገጽ መርበብ ድሕነት ብሽክለታ ናይቲ ምኒስትሪ መጓዓዝያ በዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ርአ [www.mto.gov.on.ca](http://www.mto.gov.on.ca).

ንቐልዑ ኣብ ጽርግያ ብሽክለታ ንምዝዋር ዘድልዮም ክእለት ናይ ምምዕባል ዕድል ንምሃብ፣ ናይ መንኮርኮረን ሰንጣቒት 50 ሰንቲሜተር ወይ ትሕቲኡ ዝኾና ብሽክለታት ኣብቲ ማርሻበዲ ክዝወራ ይኽእላ በቲ መቑረጺታት ጽርግያ ግን ብኢድ ክሓልፉ ኣለወን



**ናይ ስድራቤትካ ተኣማንነት ንምህናጽ ናይ CAN-BIKE ኮርስ ውሰድ!**

ኣብ ጥቓኻ ኮርስ ንምርካብ [www.canbikecanada.ca](http://www.canbikecanada.ca) ብጻሕ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብኽብረትካ ናብ ናይ ኣውራጃ ዋተርሉ ናይ ምዝዋር ብሽክለታ ገጽ ብጻሕ፥
www.regionofwaterloo.ca/cycling
519-575-4400



05/19

TRAVELwise

Bus, bike, walk, rideshare!

Region of Waterloo

# ምኽርታት ብሽክለታታትን ሕግታት ጽርግያን




## ምዝዋር ኣብቲ ጽርግያ

- ኣብ ሓደ መስርዕን ምስቲ ዋሕዚ ናይቲ ትራፊክን ዘውር እንተድኣ ከምኡ ምኻኑ ዘይተፈረመ ኮይኑ
- ምፍሕፋሕን ፍርስራስን ንምውጋድ ሓደ ሜትሮ ካብቲ ደንደስ ጽርግያ ርሒቕካ ዘውር
- ብለይቲ ኣብ ትዝውረሉ ብሽክለታኻ ጻዕዳ ናይ ቅድሚት መብራህትን ቀይሕ ናይ ድሕሪት መብራህትን ወይ ኣንጸባራቕን ክህልዋ ኣለዎ
- ኣካይዳኻ ፍሉጥ ይኹን – ብስሩዕ መንገዲ ዘውር ብዛዕባ ምንቅስቓሳትካ ከኣ ምልክት ግበር
- ንኹሎም ናይ ትራፊክ ምልክታትን መብራህታትን ክትስዕቦም ኣለካ

## ኣብ መተሓላልፎታት ምዝዋር

- እቲ የማናይ ወገን ናይቲ መተሓላልፎ ሓዝ
- ቀዳምነት ንእግረኛታት ሃብ ኣብ ትሓልፈሉ ከኣ ቃጭል ህረም
- ኣብ መቑረጺ መንገድታት ካብ ብሽክለታኻ ወሪድካ ደፊእካ ኪድ

## ምዝዋር ኣብ ጥቓ መገዓዓዚ ናይ ION ፎኪስ ባቡር




- ፒናብ ክልቲኡ ወገናት ርአ በቶም ዝተመደቡ ከባቢታት ጥራይ ከኣ ቁረጽ
- ምውዳቕ ንምውጋድ ኩሉግዜ ንመገድታት ባቡር ብቕኑዕ ኵርናዕ ቊረጾም
- መገድታት ባቡር ንባቡራት ጥራይ እዮም - በቶም መገድታት ባቡር ብሽክለታ ኣይትዘውር
- ንባቡራት ION ልክዕ ከም ካልእ ተሽከርከርቲ ብሓደ ዓይነት ጥንቃቐ ርኣየን

Printed on 100% recycled paper